ጋዜጣዊ መግለጺ ብጉዳይ ምቛም ኣወሃሃዲ

ሽማግለ ምትእስሳር ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት

13.10.2011

ካብ መጀመርያ ወርሓት 2011 ጀሚሮም ርክብ ከካዝዱ ዝጸንሑ እተፈላለዩ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ፡ ብ9 ጥቅምቲ 2011 "ኣወሃሃዲ ሽማግለ ናይ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት ኤርትራ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣካል ኣቑሞም ዘሎዉ። ናይዚ ህዝባዊ ምትእስሳር/network/ ሓፈሻዊ መትከላትን ዕላማታትን ዘነጽር መወከሲ ሰነድ እውን ጸዲቑ።

እቲ ሰነድ ከም ዘነጽሮ፡ ቆይሙ ዘሎ ኣካል፡ ኣብ ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ቃልሲ ናይ ዝኣምኑ ፓለቲካውን በርገሳውን ሓይልታትን ውልቀሰባትን ጥርናፈ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ለውጢ ከረጋገጽን፡ ስርዓት ሕጊ ዝገዝአ ዲሞክራሲያዊ ምሕደራ ንምትካልን ከኣ ይቃለስ።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣወሃሃዲ ሽማግለ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት፡ ኣብ ቃልሲ ንዘሎው ናይ ተቓውሞ ሓይልታትን፡ ኣብ ሓያለይ ኲርንዓት ዓለም ንጀግራፊካዊ ኣተሃላልዋ ኤርትራውያን ዝውክሉ ባእታታትን፡ ናይ ዜና መዕከናት ተዋሳእትን ዝሓቘፈ ኢዩ። ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት፡ ኣብ ህልው ኲነታት ኤርትራን ህዝባን፣ ኣብታ ድሕሪ ውድቀት ህግደፍ እትህነጽ ሃገረ ኤርትራን ሓደ ሚዛንን ራእን ይውንኑ፤ ቀንዲ ኣትኲሮኦም ከኣ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ንዘሎ መላእ ህዝቢ ኣወንታዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ምልዕዓልን ምቅላስን ኢዩ።

ቀንዲ መትከላት ኣወሃሃዲ ሽማግለ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት እዚ ዝስዕብ ይርከቦ፡-

- ንሓድነትን ብዙሕነትን ህዝቢ ኤርትራ ምድልዳልን ምርግጋጽን፤
- ንልዑላውነት ኤርትራን መሬታን ምክልኻል፤
- ንሰላማውን ርትዓውን ኣፈታትሓ ግርጭታት ምቕባልን ምምዕባልን፤
- ንመሰላት ደቂ ሰብ ምጥባቕን ብዘይ ቅድመ ኲነት ምኽባርን፤
- ወካሊ ምሉእ ህዝቢ ዝኾነ ዲሞክራሲያዊ ምሕደራ ንምትካል፡ ካብ ምልኪ ናብ ዲሞክራሲ ንምስግጋር ዝግበር ቃልሲ ብኣግኡ ከዕወት ብትሪ ምቅላስ፤
- ካብ ሃሳይ ዝምድናታትን ጽልዋታትን ናይ ደገ ምርሓቕን ነጻነትካ ምኽባርን፤
- ንሕውነት ኣህዛብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምዕዋት ኣበርቲዕካ ምስራሕ።

ሓዲሽ ኣወሃሃዲ ሽማግለ ድሕሪ ምቛሙ፡ ንመዓልታዊ ስራሓት ብኣድማዕነት ንምስልሳል፡ ሸውዓተ ዝኣባላቱ ፈጻሚ ሽማግለ መሪጹ። ንሳቶም ከኣ፡ ኣምባሳዶር ሑመድ ኩሉ፡ ወይዘሮ ሜሮን እስቲፋኖስ፡ ኣቶ ኣማረ ገብረ፡ ኣቶ ጸጋይ ነጋሽ፡ ኣቶ ረዘነ ሃብተ፡ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቶ ዓብዱራሕማን ሰይድ። ፈጻሚ ሽማግለ ብህጹጽ ከዐውቶ ትጽቢት ካብ ዝግበረሉ ዕማማት እዚ ዝስዕብ ይርከቦ፡-

- ተጀሚሩ ንዘሎ ህዝባዊ ምትእስሳር ብእተዓጻጸፈ መልክዕ ምስፋሕ፤

- ነቲ ልዑል ዝኾነ ዕላማታት ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ዝያዳ ምግላጽ/ምብራህ፤
- ንሓቀኛ ትርጉም 'ወካሊ ዲሞክራሲ/representative democracy' ኣብ ሓፋሽ ህዝቢ ምስራጽ፤
- ኣባላት ምትእስሳር ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት፡ ነቲ እተሰማምዑሉ ዕላማታት ንምዕዋት ዘድልዮም ኲለንትናዊ ሓገዛት ምብርካት።

ኣወሃሃዲ ሽማግለ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት
9 ጥቅምቲ 2011
CCENDF@gmail.com